# ተቓውምቲ ሞደል 2011
# (ሰብ ጥሮታ ኣብ ሳንታ ሮዛ)

ሰብ ጡሮታ ጸይቑሎም

ጉድጓድ ኣትዩ ሓደ እግሮም

ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ምጥፋሾም

ግዜ ማሐሰስያ (diaper) ኣብ ምርካቦም

ድሕሪ ምስያብ ምምላጦም

ምርኣይ ስኢነን የዒንቶም

ምስማዕ ስኢነን የእዛኖም

ክትኮስ ቀሪቡ ኩሊቶም

ሽኮሮም ልዒሉ ላልሽኦም

ጸቕጢ ደም በዚሕዎ ሱር ደሞም

ምንእሰይ ኤርትራ ኣብ ዘይፈልጦም

ሳንታ ሮዛ ተኣከቡ ዓቕሊ ምስጸበቦም

ብወያነ ተማእዚዞም ክብትኑ

በትረ ስልጣን ክውንኑ

"ሽማግለ" በሉ ሓለኑ

"ኮሚሽን" በሉ ተሓነኑ

"ዲክታቶር" በሉ ጠቀኑ

ንማወስ ከሳስዩ ክውግኑ

ብንድየት ቃልሲ ዝደገሉ

ብዋጋ ህዝቢ ዝዓፈሉ

ዓንቀጽ (article) 39 ንክተኽሉ

ጠቒሶም ናይ ወይን ወንጌሉ

ሕንፍሽፍሽ ብሄራት ከላዕሉ

ሃገር ክቆራርሱ ከዕድሉ

ንጊዝያዊ ጥቕሚ ከስግሉ

"ተወዲኡ" "ተወዲኡ" በሉ፣ ኣሽካዕለሉ

ኣያታት ኣሚኖም ዝምውሉ

"ለበዋ" "ለበዋ" በሉ ከቋስሉ

"ሰራዊት" ክምስርቱ ከቃትሉ

ከም ኣመሎም ውግእ ከለዓዕሉ

ኳትሮ ኦቶ ክዳበሉ

ህዝቢ ሕቶ ምስሓተቶም

ምስ ወይን ኣኼባ ምግባሮም

መቐለ፣ ጎንደር፣ ኣዲስ ኣበባ ምኻዶም

ተባሂሉለይ "ጎሪሖም"

"መሰላት" በሉ ተጠሊያም

"ብሔራት" በሉ ኣስተንቲኖም

ከፍስሱ ንብዓት ሓርገጾም

ኣብ ኣመሪካ መኺሮም ደንጊጾም

ሃገር ንምዕዳል ጉያ ጉያ

ኤርትራ ንኽትኮን ሶማልያ

ብልሽውና ንምትእትታው ኣያ ቢያ

ስልጣን ንክጭብጡ ብድብያ

ዓባይ ሰዓል ኣሚኖም ዝርያ
ጉንፋዕ ከተኣታትው ከም ሊብያ

ስልኳ መንነት ዝዓመኹ
ሃገራዊ ሓቦ ዘምከኹ
ብዋጋ ህዝቢ ዘዕረኹ
ክንዲ ምዕባለ ዝህለኹ
ጥሩፍ ሕሉፍ ዘምለኹ
ብትሕተ ሃገራውነት ዝዓምበኹ
ብፖለቲካዊ ሽርሙጥና ዝቦኽቦኹ
ንማሕበር ኣንድነት ዝምብርከኹ
ንውልቃዊ ረብሓ ዝወሸለኹ
ምስ ጸላኢቲ ኤርትራ ዘለኹለኹ

ሎሚውን ኣይገደፉን ቅርሕንቶም
ናይ ቀደም ታሪኽ ግለቶም
"ኢሳያስ" ምስበሉ መዋዕሎም
ጸማም ሓደ ደርፉ ኮይኑዎም
እዚኦም ዶ ይመርሑኻ እዚኦም
ራእይ ኣብ ዘይብሎም ኣብ ህዝቦም
እንትርፊ ንነብሶም ንኸብዶም
ቅድም ዘይሓለዉ ክብረቶም
ናብ ሰቦም ምምላስ ምሓሾም
ኣብ ክንዲ ምፍናው ተተጠቐሊሎም

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣ.ተ/ማ
ካብ 20 ዓመት ሓበን